# ምእካብ ሃብቲ ወይሲ ምእካብ ጸጋ

## እታ መጻወዲያ ገንዘብ



# ምእካብ ሃብቲ ወይሲ ምእካብ ጸጋ

## *እታ መጻወዲያ ገንዘብ*

*ብ ክርስቲያናዊት ጸሓፊት **Jill Briscoe** ዚተጻሕፈ*

***ካብ 8 Choices That Can Change a Woman's Life** ዚተሰምየት መጽሓፍ*

***To Gather Wealth or Gather Grace** ዘርእስቱ ምዕራፍ ዚተተርጐመ*

Richard Foster፡ ጽንብል (በዓል) ስነ-ስርዓት (Celebration of Discipline) ኣብ ዚተሰምየት መጽሓፉ፡ ከምዚ ይብል፡ 'እዚ ናይ ዘበንና ጅግና፡ እቲ ሃብታም ንኽኸውን ሓሊኑ፡ ዚሃብተመ ድኻ ወዲ እምበር፡ እቲ ብወለንታኡ (ብድልየቱ) ድኻ ንኽኸውን ፈትዩ ዚደኸየ ኣይኮነን። ነቲ ምግፍጋፍ፡ ልቦና (ጥንቓቐ) ንብሎ፤ ነቲ ህርፋን ድማ፡ ዓዉዲ-ዕዮ ንብሎ። ምዉናን ንባህልና ጉቢእዎ (ውሒጥዎ) ኢዩ ዘሎ። ንሕና መነባብሮ ናይቶም ሃብታማትን ዉሩያትን ስሒቡና ኣሎ። ሃብቲ፡ መዐቐኒ ፍረ-ዕዮ ምዃኑ፡ ኢና እንንገር። እቲ ኣገዳሲ ሕቶ፡ ማዕረ ክንደይ ጠባይ ኣሎካ ዘይኮነ፡ ማዕረ ክንደይ ገንዘብ ኣሎካ ኢዩ ዝመስል!'

ተመሃራይ እንከሎኹ፡ ሓጺር እዋን ድሕሪ ናብ እምነት ምምጽኣይ፡ ብዛዕባ ሂወት C.T. Studd ዚተጻሕፈት፡ ሓንቲ መጽሓፍ ተዋሂበ። C.T. Studd ግኑን ተጻዋታይ ክሪከት ዓዲ እንግሊዝ፡ በሊሕ ተመሃራይ ካምብሪጅ ኢዩ ዚነበረ። ስቱድ ካብ ኣዝዩ ኣዝዩ ሃብታም ገዛ ዝመጸን፡ ኣብ ንዋት (ነገራት) መጺእካ፡ ዚሰኣኖ ኣይነበረን። ደሓር ንእየሱስ ክርስቶስ ተቐቢሉ - እየሱስ ፡ እቲ ንልቡ ዚማረኾ፡ ንሓጢያቱ ዚሰረየሉ፡ ከምኡውን ነቲ እምነቱን ሃብቱን ንኽማቕል ተሃን (ብርቱዕ ስምዒት) ዘሕደረሉ። እዚ ኣተኩሮ እዚ፡ ፈጺሙ ኣይነከየን። ስቱድ፡ ድሕሪ ምስታ ካብ ካምብሪጅ ዝመጹ፡ ንዕኡ ዝመስሉ፡ ካብምብሪጅ ሾብዓተ ብዝብል ዝፍለጡ፡ ምስ ዝነበሩ ጉጅለ ምሕዋሱን፡ ኩሉ'ቲ ብዉርሻ ዝረኸቦ ምዉፋዩ፡ ምስቶም ተባዓት ሰናይ ጥራይ ዝረኣዮም (idealists) ጉጅለ፡ ንእየሱስ ዝኾና ነብሳት ንምርካብ ንቻይና ተበገሰ።

Studd፡ ኣብ The Chocolate Soldier (እቲ ሓውሲ ጸሊም ወተሃደር) እተሰምየት ንእሽቶ ማህደሩ፡ ከምዚ ኪብል ጽሒፉ። 'ገሊኦም፡ ኣብቲ ደወል ቤተ-ክርስቲያን ወይ ቤት ጸሎት ዚስመዓሉ ከባቢ ክቕመጡ ኢዮም ዝደልዩ። ኣነ ኣብ ካባቢ ሓንቲ እመት ካብ ገሃነም ኣብ ዘላ ቤት-ዕዮ ድሕነት ክኣሊ እየ ዝደሊ።' ናይዚ ሰብዚ ዛንታ ምስ ሰማዕኩ፡ ኣዝየ ተመሰጥኩ። ኣነ ከም ዝመስለኒ፡ እዚ ኢዩ እቲ ናይ ብሓቂ ጅግና ዝበሃል። ስቱድ መንገዲ ወንጌል ንምጽራግ፡ ሽም ክርስቶስ ቕድሚኡ ብፍጹም ተሰሚዑሉ ኣብ ዘይፈልጥ፡ ናብ ቻይና፡ ህንዲ፡ ድሒሩ ኸኣ ናብ ሕምብርቲ ኣፍሪቓ ተጓዓዘ። ጽኑዕ ዘይጸዓድ ኢዩ ዚነበረ፡ ግዳ ከኣ ልምሉም። ንእግዚኣብሔር ኣዝዩ ብብርቱዕ ስምዒት ኢዩ ዝፈትዎ ዝነበረ'ሞ፡ ኣነስ፡ በቲ ናቱ ዝቐጻጸል ሓዊ (ስምዒት) እንተዝተሓዝ፡ ናይ ብሓቂ 'ከም ቐደመይ ኮይነ ኣይምተረፍኩን፡ ምተቐየርኩ!' ክብል እኽእል።

ኣነ ንገዛእ ርእሰይ፡ ካብ ብመጠኑ ርኹባት ስድራ ዝመጻእኩ ሰብ፡ (ብርግጽ ምስቲ ናይ ስድራ Studd እኳ ዚዳረግ እንተዘይኮነ) እዛ መጽሓፍ እዚኣ፡ ኣብ ምፍላም ሂወት ክርስትናይ፡ ኣገዳሲት ነጥቢ ኮይና ኢያ ረኺበያ። እቲ ናቱ ምስክርነት፡ ኣነ ኣብ መፈንጠራ ገንዘብ ንኸይወድቕ፡ ኣገልግሎት ስብከት ክፍጽሞ ካብ ዚኽእል ንላዕሊ፡ ኣድሒኑኒ ኢዩ! ኣብዚ እነሀ፡ እቲ ካብቶም ንዓይ ልሙዳት ዝኾኑ ጀጋኑ፡ ኣዝዩ ፍልይ ዝበለ ጅግና። ቕድሚ ምልዋጠይ፡ ኣብቲ 'goggle box' ፡ (ከምኡ ኢልና ኢና

እንሰምዮ ዝነበርና፡ ናብቲ ሰሓቢ ጣኦት ሆሊዉድ፡ እቶም ኣብ መዛነዪ ማእከላይ ባሕሪ ዘለዉ ፡ Elite (ላህመት/ላዕለዋይ ጽፍሒ እቲ ሕብረተሰብ) ኣውሮጳዊ nouveau riche (እቶም ሓደስቲ ሃብታማት) ወይ ከኣ ኣብቲ ሞዴል (ደቒ-ኣንስትዮ) ብግርመኣንን ብኽዳውንተንን ዝንስነሳሉ ቦታ መርኣያ ፓሪስ ወይ ሎንዶን፡ ቛሕመም ኢየ ዝብል ዝነበርኩ። ኣነ; ንገንዘብ ከም መፍትሕ ጽቡቕን ዉቑብን ሂወት ገይረ እወስዶ ነበርኩ - ዚተዛነየ ሂወት። የግዳስ ሕጂ፡ ኣነ ሓደስቲ ኣዒንቲ ዝርእየለን፡ ሓደስቲ ኣእዛን ዝሰምዓለን፡ ጎይታይ ኣብቲ ንዓይ ዝጉህርን ዘብለጭልጭን ዝመስል፡ ፖዉንድ፡ ሽሊንግ፡ ሳንቲም፡ ዘለዎ ስምዒት፡ ዝርድኣሉ ልቢ ኣሎኒ።

ኣቦይ ነቲ ዕውት ዓዉዲ ስራሑ ዝፈለሞ፡ ገዛ ገዛ እንዳኸደ፡ ዝጽገና ብሽክለታታት ወይ መካይን እንተልይዎም ብምሕታት; ኢዩ ነይሩ። ኣብ ናይ ገዛእ ርዕሱ ዕዮ ደኣ እምበር፡ ከም ሰራሕተኛ ተቖጺሩ ከም ዘይነብር ብምምሓል፡ ነቲ ዋኒኑ ኣብ ጋራጅ ጀሚሩ፡ እነሀለ ኣብታ ብብሕቲ እትዉነን ዓባይ ትካል ኩባንያ በጺሑ። እቲ ገንዘብ ብቐሊሉ ዝመጸ ኣይነበረን፤ ግን ከኣ መጺኡ። እቲ ኩሉ ትምህርተይ፡ ኣብ ወጻኢ ንኽዛወር፡ ስፖርት መሰልጠኒ፡ ምቑር ሃዋህዉ ገዛ - ግደ ሓቒ ንምዝራብ - ወረ ኩሉቲ በዓልቲ ንእዋን ጽባሕ (ድሕሪ) ካልኣይ ኲናት ዓለም ዘርከበት ሰበይቲ እትደልዮ፡ እቲ ሳላ ብርቱዕ ዕዮ ዚተጠርየ፡ ሃብቲ (ብልጽግና) ኢዩ። ጎድኒ ጎድኒ እዚ፡ ምፍራይ ሓደ ነገር፡ ምዕቃቡ ከኣ ካልእ ነገር ምዃኑ: ብቐረባ ተዓዚበ።

በቲ ኢልካ በቲ፡ ሃብቲ ተዛማዲ ወይ ምስ ካልእ ተነጻጻራይ ምዃኑ፡ ክርዳእ ጀሚረ። ንሃብታማት ጎረባብትኻ ንምምሳል ወይ ክትመስል ምጽዓር፡ ምስቲ ክንዮኡ ክብ ኢሉ ኣብ ዘሎ ጽፍሒ መነባብሮ ዝርከቡ (next classier, brassier subdivision) ምምሳል ኣይኮነን። ሓደ ሕታም መዝገበ-ቓላት ወብስተር፡ ንሃብቲ፡ 'ብዝሒ ዘለዎ ክቡር ነገር፡ እኹል ተረፍ - ጽጋብ (affluence)።' ይብሎ። ምስቶም ኣብ ቀረባ ግዜ ዝፈለሱ (ዝመጹ) immigrants ክነጻጸር እንከሎ፡ ስድራና ብዘገርም ኩነታት ሃብታማት ኢዮም ዝነበሩ። እንተኾነ፡ እቲ ሃብትና፡ ምስቶም ኣብቲ ኣብ ሃገረ-ሰብ ዘሎ ብሉጽ ኣዳራሻት ዚቕመጡ፡ ምስ ዚነጻጸር ግን፡ ብምጡን ደረጃ ጥራሕ እዩ ርኹብ ዚነበረ። ብተወሳኺ ዝተዓዘብኩዎ ነገር፡ ንሕና ንነብስና ምስቶም ሓደስቲ መጻእቲ ዳርጋ ኣይነወዳድሮን ነይርና፤ እንታይ ደኣ፡ ኣቐዲምና ብዛዕባኣቶም ሰሚዕናዮም ምስ ዝነበርና፡ ዝያዳ ዝሃብተሙ 'ጀጋኑ' ኢና እንወዳድሮ ዝነበርና። እንተደኣ ሓደ ሰብ ካባኻ ዝሃብተመ ኣልዩ ኾይኑ፡ እስኻ ገና እኹል ሃብታም ኣይኮንካን ኣለኻ ኣብ ዝብል መጻወዲያ ስምዒት ወዲቕና። እዚ እቲ ሓደ ሰብ ብንጹር (Affluenza) 'ኣፍሉወንዛ' ኢሉ ዝሰመዮ ኢዩ። [*Influenza ዘይኮነ*]* *(ኣብ italics ዘሎ ኣብ ትርጉም ዚተወሰኸ)*

እቲ ምኽዕባት ሃብቲ ዘደንቕ ነገራት፡ ኣመት ጽልዋ ኣብ ኮም (ሕብረተሰብ) ፡ ዝዝረው ወጻኢታት፡ ርኣዩኒ ርኣዩኒ በሃላይ፡ ጣዕሚ ዚፈትውን ድሙቕ ሂወትን የጠቓልል። ሰብሲ፡ ባህታ፡ ሓይሊ፡ ንግስነትን ግዝኣታት ኩለን ከም ኣካል ጥቕሉልን ንሓደ ንቡር ኣዕጋቢ ሂወት ዘድሊ ነገርን፡ ናብ ዝብል ሓሳባት ክጥወ ይኽእል ኢዩ።

ሕጅዉን ገና፡ እቲ ትርጉም ሃብታም 'ንሓደ ካብቲ ንቡር ጠለባቱ ንምዕጋብ፡ ካብ ዘድልዮ ገንዘብ ወይ ድማ እቶት ዘመንጨ ንብረት፡ ዝያዳ ዘለዎ ሰብ፡ ዝገልጽ ሓፈሻዊ ቓል እዩ። ኣብዚ ኢዩ ኸኣ ዘሎ እቲ መጻወዲያ! ዝያዳ እዩ ዘድልየና፡ ምኽንያቱ ከማልኡ ዘለዎም ጠለባት ስለ ዘለውና፡ ብዝብል ንነብስና እነእምን። ንሕና ብርድኢትና፡ ገንዘብ ነቲ ባህታ ክገዝኣልና ይኽእል ኢዩ ናብ ዚብል ኣተሓሳስባ ንዉሰድ። ካብዞም ነዚ ጽሑፍ እዚ እነንብብ ዘሎና፡ ኣየኖት ኢና ነዚ ትርጉም (definition) ሃብቲ እነማልእ። ብርግጽ፡ ዳርጋ ኩላትና ኢና። እንተኾነ፡ ሰይጣን ነታ መጻወዲያ ህርፋን፡ ገንዘብ ኢዩ ዘቐምጠላ። እተን ኣብ ቤተ-ክርስትያን ዘለዋ ኣናጹ እዉን፡ ብተመሳሳሊ ከምተን ዘይኣመንቲ፡ ክንዮ ጨሓሕምተን ይቕርቐባ!

እቲ ህርፋን-ጠለብ (greed-need) ፡ ነቶም ክንዮ ሓጹር ገደናና ዘለው፡ ሃብታማት ንኽነርክቦምን፡ ከምኣቶም ንምንባር ንኽንጽዕትን፡ ይፈታተነና። እቲ ጸገም፡ ንሕና ኣብ ዉሽጢ ነብሲ ወከፍና፡ ጠለባትና ምስ ዓገበ፡ ሓንቲ ዘይትዓግብ ንእሽቶ ነገር ኣብ ዉሽጥና ኣላ። ንሳ ንዘይተማልኣ ድልየታታ (wants) ኪማለኣላ ትደሊ። እንተደኣ ድልየታትና ከነዕግብ ተበጊስና፡ ነብስና ኩሉ መዓልቲ ካብቲ ዘድልየና 'እኹል' ንላዕሊ እትደሊ ኮይና ንረኽባ። ብርግጽ፡ ዝያዳ እንተረኺብና፡ ዝያዳ ኢና እንደሊ። መዝገበ ቓላት ወብስተር ፡ ንህርፋን '(ብፍላይ ሃብቲ) ንምርካብ ወይ ንምዉናን ደረት ዚሓለፈ (ሕሉፍ) ድልየት፡ ካብቲ ዘድልዮ ወይ ዝግብኦ ዝያዳ ዝደሊ፡ ደረት-ኣልቦ ህርፋን 'ይብሎ። ወብስተር ነቲ መግለጺ ኣስፍሕ የብሎ። 'እቲ ሓደ ሰብ ክወስዶ ዝኽእል ዘበለ ኩሉ ነገር፡ ጠለባት ካልኦት ሰባት ከየሕሰቦ፡ ንገዛእ ርእሱ ዝደሊ ወይ ዝወስድ'፡ ይብሎ፡ 'ብህርፋን 'ምዉሳድ' ዝተጐብአ (ዝተዋሕጠ)፡ ናብ ጣኦትነት ዝመርሕ - ርእሱ ዝኸኣለ ሃይማኖት፡ ኢዩ።

እዚ ህርፋን-ጠለብ (Greed-need) ፡ ኣካል ናይቲ ልቢ ደቒ-ሰባት፡ ኣካል ናይቲ 'ምድራዊ ባህርይ ኢዩ (ቖሎሴ 3፡5) ። ደቒ-ሰባት፡ ምስቲ ስሉዕ ልቢ ኢና እንዉለድ። ንኣብነት፡ እታ ዝበዝሕ ግዜ ሓደ እግሪ-ተኺሊ፡ ምስቲ 'ምድራዊ ባህርይ' ማለት መጻወቲ ባንቡላ ብዝተኣሳሰር፡ ዘድምጻ፡ ፋልመይቲ ቓል እንታይ እያ፧ ናተይ!

ናይታ ንእሽቶ፡ ጓል ሰለስተ ዓመት ጓለይ፡ ኩሉቲ እሳ እትፈትዎ ባንቡላታት፡ መጻሕፍቲ፡ ዋላ'ውን ክዳውንቲ ኣብ ንእሽቱ ቐላጽማ ሽጒጣ፡ ኣብቲ ገዛ ኮለል ኪትብል ቕጅል ትብለኒ (ብንጹር ትረኣየኒ) ። ርኢኹም፡ ጁዲ ክልተ ኣሕዋት እዮም ነይሮማ፥እቲ ሓደ ምዕባያ እዩ፡ እቲ ሓደ ኽኣ ምንኣሳ። እሳ ነቲ ኩሉ ኣቑሑታ ተሰኪማ፡ ናብ ዉሑስ ቦታ ክትወስዶ ብዘይምኽኣላ፡ ዘሻቕላ ሙኻኑ፡ ዝነግረኒ ጽዉግ ገጻ፡ ሎሚ እዉን እዝክሮ። ኣየኖት ወለዲ ኢናኸ፡ ኣብ ናይ ቕነ-ልደት ፓርቲ ቖልዑ ዘይተሳተፍናን፡ ነቲ ዝረኸብዎ ህያባት ክኸፍቱ እንከለዉ ዘይተዓዘብናን ፡ እሞ ብድሕሪኡ፡ እዚ ጥራሕ ዲዩ ደኣ ንዝብል ሕቶ ንምስማዕ፧

ምስ ከምዚ ዝኣመሰለ ተፈጥሮኣዊ ዝንባለታት ኢና ተወሊድና። እዚ ካብ ሔዋን ዝመጸ እዩ፡ እታ ኣደ ኩላትና። ቕድሚ ዚኾነ ዓይነት ቐጠልያ ነገር ምምጽኡ፡ ሰይጣን መጻወድያ ገንዘብ ኣቑሙ ኢዩ። ንሱ ንሔዋን ብፍረታት ደኣ እምበር ብሃብቲ ኣይኮነን ተፈታቲንዋ። እቲ 'ፍረ-ነገር' እቲ ጉዳይ ኣይነበረን። ምክንያቱ እግዚኣብሔር ንዓዓ ነቲ ኩሉ ዘድልያ ዘበለ ነገር፡ ቐሪቡላ እዩ። እቲ ጉዳይ፡ ነቲ ዝተኸልከለ ነገር፡ ክትዉንኖ (ዓሚቕ ድልየት) ስለ ዚነበራ እዩ - ደረቱ ዝሰገረ። ሰይጣን፡ ንሳ ንኽትሕጐስ፡ ነቲ ነገር የድልያ እዩ ዝብል ሓሳብ፡ ኣብ ኣእምሮኣ ምስ ኣቐመጠላ፡ ኣቓልቦኣን ፍቕራን ካብ እግዚኣብሔር ወሲዳ፡ ናብቲ መሳርሒ መፈታተኒ ኣግዒዛቶ። ንሳ ዝያዳ ደልያ! እንተደኣ ንሕና እግዚኣብሔር እነፍቕሮን እንምእዘዞን ኮይንና፡ እሞ ድማ፡ ጠመተና ናብኡ እንተደኣ ኮይኑ፡ እቲ ኹሉ ዘድልየና፡ እሱ ምኽኣኑ ክንረኽቦ ኢና። ንሰይጣን እዉን ከምኡ ኢልና ክንነግሮ ኢና። ኣነ ብምኽንያት መከራ ሂወት፡ ካብቲ ዓለም ከም ክቡር እትወስዶ ዘበለ ነገራት ተሓዲጎም፤ ግናኸ ብክርስቶስ ኣቢሎም ንመኽዘን ሃብቲ (treasure) ኣምላኽ ዝዉንኑ፡ ብዙሓት ሰባት እፈልጥ ኢየ። እሳቶም፡ እቲ ኩሉ ዘለዎም እየሱስ ኣብ ዝኾነሉ፡ እቲ ኩሉ ዝደልይዎ እየሱስ ምኽኣኑ ደጋጊሞም ክምስክሩ ሰሚዐዮም ኣሎኹ።

መጽሓፍ ቕዱስ ከም ዝብሎ፡ ህርፋን ጣኦታዊ እዩ። እየሱስ ድማ ንማሞን (ብኣርማይስጢ 'ሃብቲ') ከም ተጻይ (ጸላኢ) ጣኦት ርእዩ ይኹንኖ። ንክልተ ጎይቶት ከገልግል ዚኽእል ጊልያ የሎን፤ ሓደው ነቲ ሓደ ጸሊኡ፡ ነቲ ካልእ ክፈቱ ኢዩ፤ ሓደው ከኣ፡ ንሓደ ተወፍዩ፡ ነቲ ካልእ ኪንዕቖ ኢዩ። ንክልቲኣቶም፡ ንኣምላኽን ንገንዘብን ክትግዛእ ኣይትኽእልን ኢኻ (ሉቃስ፡ 16:13) ። እንድሕር ንጠለብ-ህርፋን ከም ኣምላኽ ወሲድና፡ እነምልኾ ኮይንና፡ ነቲ ኩሉ እሱ ንኽንገብሮ ዝደልየና ነገራት ክንገብር ኢና"። የግዳስ፡ እቲ ኣምልኾ ህርፋን ዘይስልክዮ ጣኦት ኮይኑ ክንረኽቦ ኢና። ንነዊሕ እዋን ዝጸንሕ ጠቕሚ (ረብሕ) የልቦን። ንሕና ነቶም ዘይድልዩናን ዘንይንሕጐሰሎምን ነገራት፡ ሓንሳብ ምስ ረኸብናዮም፡ ዜርና ዜርና ብኣኣቶም ኣፍና ማይ ኣብ ምምላእ ኢና

እንወድቕ። በታ ናይ ምሓዝ (ምዉናን) ትብል ዓንቓሪቦ (hook) ዲና ተቐርቂርና፤ Arthur Gish; ኣብ ክንዮ ቕድድም ጉያ ኣናጹ (Beyond the Rat Race) ኣብ ዝሃቦ ርእይቶ፡ 'ኣቓልቦ ናይቶም ዘይንደልዮም ሰባት ንኽንስሕብ ምእንቲ፡ ነቲ ዘይንደልዮ ነገራት ንዕድግ። የግዳስ: ንስሕቦም እወ። እዚ ኣካል ናይቲ መፈንጠራ ኢዩ። እቲ ምንታይ፡ ሀርፋን ንመሳሊኣ ስለ እትስሕብ። ሀሩፍ ሰብ፡ ሀሩፋት ሰባት ንምርካብ ኣየኣግሞን (ኣየጸግሞን) ኢዩ።

ብዛዕባ እቲ እየሱስ ዝነገረና፡ ዛንታ ናይ ሓደ ናብ ኣቦኡ ከይዱ፡ ኢዱ ዘርጊሑ 'ሃበኒ፡ ሃበኒ፡ ሃበኒ 'ዝበለ ዘራዊ ወዲ እስኪ ንሕሰብ። (ኣብ ሉቃስ 15፡ 11-31 ርአ) እቲ ኣቦኡ ንሕቶ ወዱ ተቐቢሉ፡ ነቲ ንዕኡ ዝብጽሖ ዉርሻ ሂብዎ። ብድሕርዚ፡ እቲ ወዱ ናብ ዓቢ ከተማ ከይዱ፡ ነቲ ብጽሒቱ ኣብ ንፉጽ (ዘይእርኑብ) ሂወት ኣባኺንዎ። ከምዚ ዝዓይነቱ ሃብቲ፡ ነቶም ኣብ ግዜ ራህዋ ዝቕልቐሉ : ኣብ ግዜ ጸበባ ግን ዝሃጥሙ፡ ኣዕሩኽቲ ኢዩ ዝስሕብ። ኣብ መጽሓፍ መክብብ ከም እተጻሕፈ፡ 'ጥሪት ኣብ ዚበዝሓሉ፡ እቲ ብዝሒ ናይቶም ኣህለኽቱ (በላዕቱ) ሰባት ድማ ከምኡ ይበዝሕ '(መጽሃፍ መክብብ 5:11) ። የግዳስ፡ እቲ ዘራዊ ወዲ፡ እቲ ገንዘብ ኩሉ ምስ ተወድአ፡ ኣብቲ ከባቢኡ ጸኒሑ፡ ገለ ነገር ዝህቦ ሰብ፡ ኣይረኸበን። ሀርፋን ኣዝዩ ብዙሕ ዝጠልብ ሓለቓ ኢዩ ዝኸዉን። ነቲ ናብ ርእሰ-ዕንወት ከምርሕ ዚኽእል ወልፊ ድማ የምጽእ።

ኣብ ናይ እየሱስ ዛንታ ዘሎ መንእሰይ፡ ከም ወዛል ሓሰማ (pigpen) እዩ ኮይኑ። እዚ ንሓደ ከምኡ ዝኣመሰለ ዘይጸዓድ ናይ ብሓቐ ኣይሁድ፡ ዝወረደ መዓት ኢዩ። ብፍላይ ብፍላይ እቶም ኣስተብሃልቲ ኣይሁድ፡ ስጋ ሓሰማ'ውን `ተኾነ ዘይበልዑ ስለ ዝኾኑ!! ብኻልእ ኣዘራርባ፡ እሱ ንነብሱ ካብ ግንደ-ዘርኢ ስድራ-ቤቱ፡ መንፈሳዊ ውርሻኡ ኣዝዩ ርሒቑ ኢዩ ረኺብዋ። እዚ እዩ እምበኣር እቲ፡ ጠለብ-ሀርፋን (greed-need) ንዘኾነ ካባና ኪፍይዶ ዚኽእል ነገር። ሰናይ ዕድል ኮይኑ፡ እዚ ተሞክሮ እዚ፡ ነቲ ዘራዊ ወዲ ዘይተሓሰበ ሰናይ ሳዕቤን እዩ ኣምጺእሉ። ፈለማ ናብ ነብሱ ተመሊሱ፤ ደሓር ናብ ኣቦኡ መጺኡ ምሕረት (ይቕረታ) ሓቲቱ። ንሱ፡ እቲ ናይ ብሓቒ ሃብቲ፡ ካብቲ ንሱ ኣቐኒዑሉ ዝነበረ ኣንፈት፡ ኣዝዩ ዚተፈልየ ምንባሩ፡ ተረዲኡ። እቲ ናይ ብሓቒ ሃብቲ፡ ስድራ፡ ፍቕርን ምሕረትን ኣምላኻዊ ውርሻ ኢዩ። እየሱስ ነቲ ዛንታ ናይቲ ዘራዊ ወዲ ኣዘንቲዩ ምስ ወድ አ፡ ገለ ድኻታት ካብቶም ተኣኪቦም ዝነበሩ ሰባት፡ ምስ ምድራዊ (ዓለማዊ) ነገራት ብዝተኣሳሰር ድኻታት እኳ እንተነበሩ፡ ኣምላኽ ንሃብቲ ብዝቖጽረሉ ኣገባብ ግና፡ ሃብታማት ምንባሮም ይደዓዓሱ።

ዘይሩ ዘይሩ፡ ሰይጣን፡ ኣፍና ማይ ዝመልእ ነገር ክሳብ ዝሃለወ፡ እንታይ እዩ ነቲ ኣፍና ማይ ዚመልኦ፡ ዝዓጅቦ ጉዳይ ኣይኮነን። ንሕና ንገንዘብ፡ ንሓይሊ (ስልጣን)፡ ንጾታዊ (ስጋዊ) ርክብ፡ ክንጸምእ ንኽእል ኢና። ግና ኸኣ፡ ንመመላኽዒ ኣቑሑት (beauty aids) : መጻሕፍቲ፡ ሲዲ ወይ ዕድጊ ካብ መኸዘን (outlet shopping) ጥራይ እንጸምእ ክንከውን ንኽእል ኢና። ንሰይጣን ዘተሓሳስቦ ነገር፡ ንዓና ኣብቲ ናይ 'ነገራት' መጻወዲያ፡ ኣጥቢቑ ቐርቂብ ኣቢሉ ንኽሕዘና ኢዩ። ሰይጣን፡ ንሕና ሓንሳብ ነገራት ናይ ምዉናን ጥዕና ዘይብሉ ወልፊ፡ ሒዙና ምህላዉ ኣንተደኣ ኣስተብሂሉ፡ ነቶም ወኒንናዮም ዘሎና ነገራት; ንኽንክናኸኖም ይሰርሕ። እሱ ነቲ ዝወነንናዮ ሃብቲ ክንግፍግፍ ወይ ክንክዝን፡ ኮነ ኢሉ ይዓዪ። ደሓር እቲ ናይ ብሓቒ፡ ሕማም ርእሲ ይጅምር! እቲ መውቓዕቲ ራዕዲ ይፍልም፡ መጥቃዕቲ ሽቐልቐል ብሃንደበት የርክበና። እቲ ኣብ ግዚኡ ዝሃብተመ ዝነበረ ሰብ፡ ሰለሙን፡ ከምዚ ይብል፡ 'እቲ እኹል-ተረፍ ሃብቲ፡ ንዋንኡ፡ ድቃስ ዚህብ ኣይኮነን። ኣነ ኣብ ትሕቲ ጸሓይ ኣዝዩ ሕሱም መከራ ተዓዚበ ኢየ፡ እቲ ዚተገፍገፈ ሃብቲ: ኣብቲ ማህሰይቲ ናይቲ ዘጥረዮ ዋናኡ ኪዉዕል (መጽሓፍ መክብብ 5:12-13) ። ንሕና ንነብስና ነቲ ዘሎና ንምሕብሓብን ንምዕቓብን፡ ኪእመን ዘይከኣል ግዜን ገንዘብን ኣብ ምፍሳስ፡ ክንረኽባ ንኽእል ኢና፡ ዋላውን እቲ ከምኡ ምፍጻምና፡ ኣብ ነብስና ማህሰይቲ እንተ ኣስዓበ።

ጳውሎስ፡ ናብ ሰብ ቖሮንቶስ ኣብ ዝጸሓፎ መልእኽቱ፡ ከምዚ ዓይነት ሀርፋን እዚ ትኽትኽ ከየብሉን (ብእኡ ከይምልኡን) ብነገራት ናይዚ ዓለም እዚ ከኣ 'ንኺይወሓጡ'፡ የጠንቐቖም። ንሱ ከምዚ ኢሉ ከኣ ንዓዓቶምን ንዓናን የዘኻኽር፡ 'እቲ ግዜ

ሓጺር እዩ፡: ... እቶም ገለ ነገራት ዝገዝኡ ሰባት፡ ከገዝኡ እንከለዉ (ከገዝኡ እንተደኣ ኮይኖም) ንዓዓቶም ከዕቅብዋ ከም ዘይኮኑ፡ ገይሮም ይግዝእዋ። ... እዛ ዓለም እዚኣ ሓላፊት እያ።’ (1ይ ቆሮንቶስ 7:29-31) ብመጻወድያ ገንዘብ ብጽኑዕ ተታሒዝና ከም ዘሎና፡ ከመይ ጌርና ክንፈልጥ ንኽእል፧ ነቲ ኣብ ዓለም ዘሎ ነገራዊ ሃብቲ፡ ከም ቐዋሚ (ነባሪ)፡ ነቲ ቐዋሚ ከኣ፡ ከም ዘይረብሕ ገይርና ኣብ እንነብረሉ እዩ።

እየሱስ ከኣ፡ ‘ሂወት ሰብ ብብዝሒ ገንዘብ ኣይኮነትን እሞ፡ ተጠንቐቑ። ካብ ኩሉ ስስዐ ኸኣ፡ ንርእስኹም ሓልው’ በሎም። (ሉቃስ 12፡15) ብኻልእ ኣዘራርባ፡ ሂወትሲ፡ ካብ ገንዘብን እንዉንኖም ነገራት ትበልጽ ኢያ። ኣብ ሓንቲ ምድራዊ ትርጉም ዘለዋ ሰማያዊ (ገነታዊ) ዛንታ፡ ብዛዕባ ሓደ ሰብኣይ ንገዛእ ርእሱ ዚተዛረቦ ከምዚ ይብል፡ ‘ኣቲ ነብሰይ ብዙሕ ዚተደለበ ሃብቲ፡ ንብዙሕ ዓመታት ዚኣኽለኪ፡ ኣሎኪ እሞ ኣዕርፊ፡ ብልዒ፡ ስተዪ፡ ተሓጐሲ እብላ’ በለ። (ሉቃስ 12፡19) ። ኣምላኽ፡ እቲ ሰብኣይ ዓሻ ምንባሩን፡ እታ ለይቲ እቲኣ፡ ንሂወቱ ንኽወስድዋ ከመጹ ምኳኖም፡ ርእይቶኡ ብንጹር ይገልጽ። ደሓር ጎይታ፡ ከምዚ ኢሉ ንዕኡ ሓተቶ፡ ‘እዚ ንዓኻ ኢልካ ዘዳሎኻዮ ደኣ፡ ንመን ኪኸውን ኢዩ፧ በሎ (ጥቕሲ 20) እቲ ዓሻ፡ ነቲ ዝተደለበ ሃብቲ፡ ምስኡ ከማልኦ ከም ዘይክእል፡ ኣዝዩ ዶንጊዩ እዩ ተረዲእዎ።

ሓደ እዋን፡ ዛንታ ናይ ሓደ ኣዝዩ ብዙሕ ንብረት ዝዉንን ሃብታም ሰሚዔ ነይረ። ንሱ፡ ኣብ ሓንቲ ነቲ ትሕዝቶ መሬቱ ኣብ ዘማዕድወላ፡ ኣብ ሓንቲ ጎቦ ዝተደኰነት፡ መንበሪ ኣዳራሽ ይነብር ነበረ። ንሱ ኣማኒ ኣይነበረን። ንጎይታኡ ተጊሁ ዝጽልየሉ፡ ሓደ ክርስትያን፡ ኣማኒ ሰራሕተኛ ገደና (ጀርዲን) ግዳ ነበሮ። እቲ ብ ‘እሙን ዮሃንስ’ ዚፍለጥ ዝነበረ ኣገልጋሊኡ፡ ሓደ ለይቲ ዘጨንቕ ሕልሚ ሓለመ። ኣብቲ ሕልሙ፡ እቲ ኣብቲ ስንጭሮ ዚሃብተመ ሰብኣይ፡ ሎሚ ፍርቂ ለይቲ ምስ ኣኸለ፡ ኪመዉት እዩ ዝብል ድምጺ ሰምዐ። እቲ ሕልሙ ምስ ኣበራበሮ፡ እቲ ኣስራሒኡ፡ ናብ ናይ ዘለኣለም ቤቱ ኪኸይድ ኢዩ እምበኣር፡ ኢሉ ንነብሱ ብምእማን፡ ዘለዎ ትብዓት ንዕኡ ንኽዛረቦ ወሰነ። ከምኡ ድማ ገበረ። እቲ ኣገልጋሊ ዘይተጸበዮ፡ እቲ ኣስራሒኡ፡ ብናይ ልቡ ሰሓቐ። እሱ፡ ነቲ ኣገልጋሊኡ ኣብ ዝባኑ ጠብጠቦሞ፡ ብሕዉነታዊ ክምስታ (ክምስ ወይ ፍሽኽ) በሎ። ከምዚ ኢሉ ኸኣ መለሰ፡ ‘ንምንታይ፧ እሙን ዮሃንስ፡ ብዛዕባይ ምሽቓል ኣየድልየካን እዩ፡ ዋላ እኳ ነቲ ሕያዋይ ሓሳባትካ ዘመጒሶ እንተኾንኩ። እስኻ፡ ነቲ ናይ ገዛእ ርእስኻ ጸገማት ጥዕና እንተ ኣቕለብካሉ ይሓይሽ’ ኪብል ሓሳብ ኣቕረበሉ። ‘’ኣቓድም ኣቢሉ ጸገማት ጸቕጢ ዑደት ደም ኣይነበረካን ዲዩ፧ ኣነስ ደሓን እየ። በል ደሓን ሕጂ እስኻ ናብ ስራሕካ ተመለስ።’’

እቲ ኣብቲ ስንጭሮ ዝሃብተመ ሰብኣይ፡ በቲ ዘይምኽኑይ ሓሳብ ናይቲ ኣገልጋሊኡ ተገሪሙ፡ ግን ከኣ ቁሩብ’ውን ተሻቒሉ፡ ስልኪ ኣልዒሉ፡ ናብ ሓኪሙ ደወለ። ‘ሎሚ ለይቲ ካርታ ምሳይ ክትጻወት’ሲ፡ ከባቢ ሰዓት ዓሰርተ፡ ናባይ ዶ ኪትመጽእ ምኽኣልካ፧’ ኢሉ ሓተቶ። እቲ ሓኪም፡ እቲ ጉዳይ ኣብ ዝመሰየ ሰዓት ምኳኑ፡ ቑሩብ ግር ኢልዎ፡ ግና ከኣ ነቲ ሕቶ ተቐቢሉ፡ ናብቲ ገዛ ከደ። ፍርቂ ለይቲ ምስ ቐረበ፡ እቲ ዝዓደሞ ሰብኣይ፡ ኣብታ ሰዓቱ ሰሰሪቑ ደጋጊሙ ቑሊሕ ምሊሕ ምባሉ፡ እቲ ሓኪም ኣስተብሂሉ። ‘ጸገም ኣሎ ዲዩ፧’ ኢሉ ከኣ ተወከሶ።

እቲ ኣብቲ ስንጭሮ ዚሃብተመ ሰብኣይ፡ ነቲ ሰራሕተኛ ገደናኡ፡ ከምዚ ዓይነት በሃም (ዓሻ)፡ ሃጠው ቐጠው ሃይማኖት ሒዙሉ፡ ንኽመጽእ ብምፍቓዱ፡ ንነብሱ እንዳወቐሰ፡ `ኣይፋሉን፡ ዋላ ሓንቲ’ኳ` ኪብል መለሰ። እሱ፡ ከም ዮሃንስ ዝኣመሰሉ፡ ዝኾነ ይኹን ትርጉም ይሃልዎ ብዘየገድስ ‘ዳግማይ ዝተወልዱ’፡ እምነቶም ኣብ መጽሓፍ ቕዱስ፡ ኣብ ራእዮምን ሕልምታቶምን ቑሩብ ስጊንጢር እዮም’ ኢሉ ከኣ ሓሰበ።

እታ ሰዓት ፍርቂ ለይቲ ወቒዓ፧ እቲ ኣብቲ ስንጭሮ ዚሃብተመ ሰብኣይ ከኣ፡ ነብሱ ዋላ ሓንቲ ከይኮነት ረኸባ። እሱ እቲ ሰዓት ኣኺሉ፡ ሕማቕ ነገር ከየጋጠሞ፡ እሞ ኸኣ ብኡኡ ብምቕሳኑ፡ ምስ ነብሱ ተቐጠዐ! ነቲ ዓርኩ ሓኪም ኣሰናቢቱ፡ ናብ መደቐሲ

ክፍሉ ደየበ። ሰዓት 12፡30 ምስ ኣኸለ፡ ደወል ማዕጾ ጭር በለ። እቲ ሰብኣይ ከይተፈለጦ፡ ብጉያ ወሪዱ፡ ነቲ ማዕጾ ከፈቶ። ንሱ፡ ሓንቲ ንእሽቶ ጓል፡ ኣብቲ መሳልል ኣፍደገ ኮይና፡ ክትበኪ ረኸባ። 'እስኺ መን ኢኺ፤ እንታይ ከ ደሊኺ፤ '

እሳ ብብኽያት እንዳተነኽነኸት፡ 'ጎይታይ፡ ኣቦይ ሎሚ፡ ፍርቒ ለይቲ ከም ዝዓረፈ ክነግረካ እየ መጺኤ' በለቶ።

'ኣቦኺ ኸ ደኣ መንዩ፤' ኢሉ ሓተታ፡ እቲ ዝገረሞ ሰብኣይ።

'ቐኑዕ ዮሃንስ ኢዩ ሽሙ፡ እቲ ኣብዚ ስንጭሮ ዚሃብተመ ሰብኣይ' ኢላ መለሰትሉ።

ብርግጽ ከምኡ ኢዩ ነይሩ ዮሃንስ! ናይዚ ምቕሉል ሰራሕተኛ ገደና ሃብቲ፡ ክርስቶስ፡ ኢዩ ነይሩ፡ ከምቲ ናትና እዉን ዝኾነ። ንሱ ናብ ሂወትና ይመጽእ እሞ፡ ካብቲ ነፋጺ ሕልምታትና ዝያዳ ሃብታማት ክንከውን ይገብረና። መዓስ እዚ ጥራሕ፡ እዚ ሰማያዊ ሃብቲ እዚ፡ ከም 'ግዝዋን ነቐዝን ኣብ ዘየጥፍኡ፡ ከምኡ እዉን ... ሰረቕቲ ዀዒቶም፡ ኣብ ዘይሰርቕዎ ቦታ፡ ከም ዘሎ ኢዩ።' (ማቴዎስ 6፡20)

ኣብ ዓዲ እንግሊዝ፡ ሓደ ሰብ ምስ ዓረፈ ዝፍጸሙ፡ ገለ ኣገደስቲ ነገራት ኣለዉ። እቲ ዉርሻ ናይቲ መዋቲ፡ ኣብ ቤት ፍርዲ ምስ ተረጋገጸ - ክንደይን ንመን ከም ዝገደፈ ወይ ዝገደፈት - ኣብቲ ጋዜጣ ናይቲ ዝቕመጡሉ ከባቢ ይጥቓዕ ኢዩ። ሓደ እዋን፡ 'ኣቦኡ ንስቴዋርት፡ ወስትሞርላንድ ጋዜት (Westmorland Gazette) የንብብ ነይሩ። እቲ ሓሞይ፡ ነታ ኣብ ክሽነ ብስራሕ ተጸሚዳ ንዝነበረት በዓልቲ-ቤቱ ጸዉዓ፡ ''እዚ ኣገዳሲ እዩ። ወይዘሮ ጆንስ ዓሪፋ።'

'እዋእ፡ ብርግጽ፤ መለሰት ኣደ ስቱዋርት። ''ክንደይ ዝኣክል ገዲፋ፤'

እቲ ሓሞይ፡ ብለባም ኣዘራርባ፡ 'ኩሉ ነገር' በለ። ኩላትና፡ ኣፍና ሓቲምና፡ ብሰሓቕ ፍሕስ በልና። ብርግጽ እሱ ኢዩ ነይሩ እቲ ሓቂ። ከመዮ እዮብ ዘቕመጦ፡ 'ኣነ ጥራየይ ኢየ ካብ ማሕጸን ኣደይ ዝወጻእኩ፡ ጥራየይ ከአ ክብገስ እየ' (መጽሓፍ እዮብ 1፡21።) ጳውሎስ ተመሳሳሊ መልእኽቲ ተዛሪቡ ነይሩ። 'ንሕና ናብዛ ዓለም እዚኣ፡ ሓንቲ እኳ ኣየምጻእናን፤ እሞ ሓንቲ እኳ ክንወስድ ኣይከኣለናን እዩ። (1 ጢሞቴዎስ 6፡7) ። ያእቆብ፡ ነታ ኣብቲ እዋን እቲ ዝነበረት ቤተ-ክርስትያን፡ ተዛሪቡ ነይሩ፤ ነቲ ጉዳይ ሀርፋን-ጠለብ እውን ኣእንጊድዎ ነበረ። እሱ፡ ንዓዓቶም (እንተላይ ንዓና) ብዛዕባ መጻወዲያ ገንዘብ ከጠንቐቕ እንከሎ፡ እቲ ኣገዳሲ ሕቶ፡ ክንደይ ዝተኻዕበተ ኣቑሑት (ንብረት) ሓደ ሰብ ኣለዎ፡ ኣይኮነን፤ እንታይ ደኣ፡ እቲ ሰብ ኣብኣቶም (ኣብቶም ኣቑሑት) ዘለዎ ኣረኣእያ እዩ። ንሕናን እቲ ሃብትናን 'ድሕሪ ሓጺር እዋን ክንሓልፍ' ኢና (1፡10)

ኣምላኽ፡ ኣብ ገለ ደቑ ኣዝዩ ብዙሕ ነገራዊ (ንዋታዊ) ሃብቲ ብርግጽ የንብር ኢዩ! እዚ ህያብ ናይ ኣምላኽ ኢዩ። ሙሴ ንደቂ እስራኤል ከምዚ ኪብል ኣዘኻኺሮም፡ 'ሃብቲ ንምድላብ ዘብቕዓኩም ዓቕሚ ዝሃበኩም፡ ንሱ እዩ።' ኦሪት ዘዳግም 8፡18) ኣምላኽ፡ ኣብ ገለ ደቑ ጥራሕ ነገራዊ (ንዋታዊ) ሃብቲ ዘንብር እኳ እንተኾነ፡ ነቲ መንፈሳዊ ሃብቲ ግዳ፡ ኣብ ኩላቶም ደቑ ኢዩ ዘቕምጥ። እዚ ብልጽግና እዚ፡ ኣዝዩ ብዙሕ ዋጋ ምስ ተኸፈሎ፡ ዝተቐመጠልና ሙኻኑ ድማ፡ ኣዳዕዲዕና ንዝክር ኢና። ሓደ ሰብ፡ ነቲ ጸጋ ኣምላኽ (G.R.A.C.E.) ዝብል ቓል፡ ንቓላት ብዝዉክሉ ፊደላት acrostic፡ ብኸምዚ ይገልጾ God's Riches At Christ's Expense (ዋጋ እየሱስ ተኸፊልዎ፡ ዝመጸ ብልጽግና (ሃብቲ) ኣምላኽ። መንፈስ ቕዱስ፡ ነቶም ንዑኡ ዝዉንኑ፡ ብመንፈስ ሚልዮነራት ዝኾኑ ሰባት ይሰርሕ ኢዩ። ከም ደቂ እቲ ንጉስ፡ ነቲ መንፈሳዊ ዉርሻና ምስ ተገንዘብና ኢና፡ ነቲ ንዋታዊ ሃብትና እነመሓድረሉ ልዓት (መትሓዚ) እንረክበን፡ ይውሓድ ይብዛሕ ከኣ፡ ብኡኡ እንዓግብን።

ንሕና ንክርስቶስ ኣብ ዝፈለጥናሉን፡ ናቱ ሂወት ኣባና ብዝያዳ እንዳተመኲርና ኣብ ዝኸድናሉን፡ ካብቶም እንግንዘቦም ነገራት ሓደ፡ እቲ እንዳዓበየ ዝመጽእ መንፈስ ልግሲ ኢዩ፡ ንኽነማቕል ምድላይ (ፍቓደይናታት) ምዃን። ብዛዕባ እታ ጓል ሰለስተ ዓመት ጁዲ፡ ደጊመ ክሓስብ እንከሎኹ፡ ከም ኣብ መንን ክልተ ኣሕዋት ዝተወልደት ቖልዓ ኪትሰርር ምፍታና፡ ነቲ ኩሉ ዓለማዊ (ምድራዊ) እቑሑታ ተሰኪማ፡ ምስኣ ንኽትማልኦ ምህቓና፡ ድሙቕ ምስሊ ናይቲ ዓቕሚ ኣዳም ዝበጽሑ ብዙሓት ሰባት፡ ብመጻወድያ ገንዘብ ምስ ተታሕዙ ዝፍጽምዎ ነገራት፡ ይህበኒ። እንተ ጁዲ ፡ እቲ ልግሲ፡ እንዳለበመት ኣብ ዝኸደትሉ፡ መጺኡላ እዩ። እዚ ንኹሉ ሰብ ከምኡ ኢዩ ንኽብል ምፈተኹ! ንሕና ኣምላኽ ንልግሲ፡ ከም ተጻይ ህርፋን፡ ከም ዝርእዮ፡ ምርዳእ ከድልየና እዩ። ንሕና ወልፊ ገንዘብ ፡ ወይውን ወልፊ ናይቲ እቲ ገንዘብ ክገዝኦ ዝኽእል ነገራት፡ ሓዲሩና ከይከውን፡ ንነብስና እንጥርጥር እንተደኣ ኾይንና፡ ገለ ካብቲ ሃብትና፡ ብስሩዕ ናይ ምውፋይ ልምዲ ምምዕባል ከድልየና እዩ። እስኻትኩም፡ ምስ ገለ ጥሪት ወይዉን ካልእ ነገር፡ ንምዉናን ናይ ብሓቒ ምጥባቕ (ምትእስሳር) ኣማዕቢልኩም ከይትኾኑ፡ ንነብስኹም ሕተትዋ። ነቲ ንብረት (ንዋት)፡ ካባኻትኩም ንላዕሊ እተድልዮ ሰብ ከይህሉ፡ የማነ ጸጋም ጠምቱ። ንዕኡ ብዝምልከት፡ ጸሎት ግበሩ። ቕኑዓት እንተደኣ ኰንኩም፡ እታ ንብረት (ንዋት) ኣባኹም ዘለዋ ሓይሊ ክትግንዘብዎ ኢኹም። ተቐላጢፍኩም ወፍይዋ።

ዛንታ ናይታ ቕነ-ልደተ ክርስቶስ መጸ፡ ንደቃ ሓንቲ ካብተን መጻወቲ ባንቡላታቶም፡ ንድኻታት ስድራ ቤት ንኽዉፍዩ፡ ተተባብዕ ዝነበረት ንግስቲ ነዘርላንድስ (ሆላንድ) ይዝንቶ እዩ። ፈለማ፡ እቶም ደቓ፡ ብፍላይ ነተን ዘይደልይወን ወይ ከኣ ዝተሰብራን ጽገና ዘድልየን፡ መጻወቲ ባንቡላታት መሪጾም እዮም ዝዉፍዩ። እታ ንግስቲ ግና፡ እቶም ቖልዑ፡ ነታ እሶም ባዕላቶም ዝፈትውዋ፡ ነታ ዘፍቕርዋ፡ ምናልባሽ ‘ውን መተካእታ ክርከበላ ንዘይትኽእል ባንቡላ፡ መሪጾም ምዉፋዮም ክሳብ እተረጋግጽ፡ ኣብቲ መስርሕ ምምራጽ ትሳተፍ ነበረት።

ኣብ ሰለብረሽን ኦቭ ዲሲፕሊን፡ Richard Foster፡ ሓደ ካልእ ሓሳብ ሰናይ ልምዲ የቕርብ። ኣብ ክንዲ ንሰባት ሓደስቲ ነገራት እንገዝኣሎም፡ ነቲ ድሮ ምሳና ዘሎ ኣገዳሲ ነገራት፡ ከም ህያብ ቕነ-ልደት ክርስቶስ ምሃብ። ኣምላኽ፡ ናይዚ ተግባር እዚ ሓደ ዓቢ ኣብነት እዩ። እሱ ንደቒ-ሰባት፡ ህያብ ቕነ-ልደት፡ ‘ኣይገዝኣሎምን’፤ ንሱ ነቲ ዝዉንኖ ኣዝዩ ዝኸበረ ነገር - ነቲ ሓደን እንኮን ወዱ - ብርግጽ እቲ ኪትክኦ ዘይክእል ህያቡ - ኢዩ ሂቡና። ሓደ ሰብ ከምዚ ኪብል ጽሒፉ፡ ‘ኣምላኽ፡ ሓደ ህጻን ሓቝፉ፡ ብመደያይቦ ካብ መንግስተ-ሰማይ ወሪዱ።’ እምበኣር እዚ እዩ እቲ ልግሲ!

እየሱስ ንገዛእ ርእሱ ፡ ናብ መሬት ኪመጽእ እንከሎ፡ ከም ድኻ ሰብ ዚመጸ እኳ እንተነበረ፡ ንማእለያ ዘይብሎም ሰባት ግዳ፡ ልዕሊ ዓቐን ሃብታማት ንክኾኑ ገይርዎም እዩ። ጳውሎስ ከምዚ ይብል፡ እዚ ንኹላቶም ኣመንቲ እውን ከምኡ ኢዩ - `ዋላ ሓንቲ ነገር የብልናን። ግናኸ ንኹሉ ነገር ንዉንን።’ (2 ቆሮንቶስ 6፡10)

እየሱስ፡ በቲ ንዓና እዉን ዚተፈታተነና ሰይጣን ተፈቲኑ ነይሩ ። ሰይጣን፡ እቲ መድሓኒና ንዕኡ ዘምልኽ እንተደኣ ኾይኑ ጥራሕ፡ ነዛ ዓለም ብምልእታ ንኽህቦ ኣቕረበሉ። የግዳስ፡ እየሱስ ጠመተኡ፡ ናብ ኣቦኡ ገበረ፡ ንዕኡ ደኣ እምበር፡ ንህያባቱ ኣየምለኸን። ከምቲ እየሱስ ዝገበሮ፡ ንሕና ጠመተና ኣብ ኣቦና ክንገብር ኣሎና። ንሕና፡ ኣብ ክንዲ ኣብቲ ሰብ ፡ ኣብቲ ናይቲ ሰብ ጉንያ (ህያብ) ዝያዳ፡ ኣብ ናይ ምግዳስ መፈንጠራ ክንወድቕ ንኽእል ኢና። ብዙሓት ዓመታት ይገብር፡ ስተዋርት ንሰሙናት ኣብ መገዲ ኣብ ዚነበረሉ እዋን፡ ኣነን እቶም ቖልዑን፡ ምስኡ ንኽንተኣኻኸብ ዓቢ ትጽቢት ነበረና። ኩላትና ንዕኡ ንምርካብ፡ ናብቲ መዕርፎ ነፈርቲ ንኸይድ። እዚ ንገዛእ ርእሱ፡ ሓደ ዓቢ ፍጻመ ነበረ። ደሓር ናብ ገዛ ኣብ ምምላስና፡ ንመካነ እንስሳታት ንበጽሕ፡ ንክንዛነ ናብ ኣታኽልቲ ዘለዎ መናፈሲ፡ ናብ ክፉት መርኣያ ቦታታት (fairground) ንእለ። ንሕና፡ ነቲ ምምላስ ናይ ኣቦኣም ከነብዕል፡ ካብዞም ኩላቶም ዘዛንዩ ነገራት፡ ኣበየናዮም ኢና ብሓባር ኮይንና እንፍጽሞም ኣብ ብዝብል ጉዳይ፡ ብዙሕ

ግዜ ኣብ ምዝራብን ኣብ ምኽታዕን ነሕልፎ ነበርና። እታ ዓባይ መዓልቲ ምስ መጸት፡ ነቶም ቖልዑ ኣብ ማኪና ኣኻኺበ፡ ናብ መዕርፎ ነፈርቲ ማንቸስተር ነዊሕ መንገዲ እዝዉር ነበርኩ። ሓደ ሓደ እዋን፡ ነቲ ዝደናጐይ ምብራር ነፈርቲ ወይ ከኣ ኣዝዩ ነዊሕ ሪጋ ጉምሩክ ክንጽበ ነይሩና። እቶም ቖልዑት፡ ሽሑኳ ብዙሕ ክጸምዶም ዝኽእል ነገራት እንተነበሮም፡ ንዘዝመጸ ሰብን ንዘዝመጸ ነገርን እንዳተዓዘቡ፡ ኣቦኦም ቐልቐል ክሳብ ዝብል ምጽባዩ ሰኣኑ። ንሕና፡ ስቱዋርት ናብቲ ዘሎናዮ ኩርናዕ ቐልቐል ንኽብል፡ ሙሉእ ብምሉእ ተሃንጢና እንተደኣ ነይርና፡ ስምዒት በዓል-ቤተይ፡ ከመይ ክኸውን ከም ዝኽእል፡ ክትግምትዎ ትኽእሉ ኢኹም። ንሕናስ እኳ ብሓንሳብ ኢና፡ ሓደ ነቲ ካልእ ኣለዎ። እሱ ግና፡ ካባና ዋላ ሓደ ሰብ ዘይብሉ፡ ንበይኑ ኢዩ ዝነበረ!

ሃንደበት ድምጺ ንሰምዕ፡ '' ሰላም፡ ቖልዑት፡ እኔኹ መጺአ!'። ደሓር፡ እቶም ሰለስተ ነኣሽቱ ቖልዑት፡ ናብ ስተዋርት ገጾም ይዉርወሩ። ድሕሪ ቑሩብ እዋን ናይ ህንጡይ ሰላምታ፡ ዉድድር ቖልስ ምስቶም ኣወዳት፡ ምሕቛፍ ንጁዲ፡ ካባይ ዓቢ ናይ መርሓባ ምስዓም፡ እቶም ቖልዑ 'እንታይ ኣምጺእካልና፧' ኢሎም ብሓባር ይዉጨጩ፡

ሰብኣየይ ብፍሽኽታ ይምልስ፡ 'ኣነ ምሳኹም ብምህላወይ ኣይተሕጐስኩምን ዲኹም፧' እቶም ቖልዑት፡ ህዉኽ ህዉኽ ኢሎም፡ 'እወ፡ እወ' ኢሎም ይምልሱ። 'ግዳ እንታይ ኢኻ ኣምጺእካልና፧'' እዚ ደኣ ልሙድ እንዲዩ ትብሉ ትኾኑ። ኣነ ከም ዝግምቶ፡ ከምኡ ኢዩ። ቖልዑት ከምኡ እዮም። ኣብቲ ደረጃ እቲ፡ እሳቶም፡ ካብ ኣብቲ ኣቦኦም ምስኣቶም ምህላው፡ ኣብቲ ናይ ኣቦኦም ህያብ እዮም፡ ዝያዳ ዝግደሱ ነይሮም። ብርግጽ፡ እቶም ቖልዑት፡ እንዳዓበዩ ኣብ ዝኸዱሉ፡ ነዚ ኣጠማምታኦም ቐይሮሞ እዮም። ሎሚ ሎሚ፡ ከም ስድራ ኣብ እንተኣኻኸበሉ፡ 'ኣቦ እንታይ ኣምጺእካልና፧' ዝበሃል ሓሳብ የልቦን። እንታይ ደኣ፡ 'ኣንታ ኣቦ፡ ኣብዚ ምህላውካስ ከመይ ብሉጽ ነገር እዩ። ንፈትወካ ኢና!'

ንሕና'ውን፡ ከም ክርስቲያናት ምስ ዓብና ከምኡ ኢዩ። ንሕና እነምልኾ፡ ነቲ ኣቦና ከምጽኣልና ንዚኽእል ህያባትን ምርቓን ዘይኮነ፡ ነቲ ኣቦና እነምልኾ፡ ስሊኡ ጥራሕ እዩ። ሕጂ'ውን ቕኑዓት እንተኾይንና፡ ኣብ ክንዲ ንኣቦና እንታይ ክንህቦ ኢና ኢልና እንሓስብ፡ ንጸሎት ናብኡ ብምምጻእ፡ ገለ ነገር ንኽህበና ዝሓተትናዮ ወይ ከኣ እንታይ ኮን ንዓና ዝኸውን ኣለዎ ኢልና ዝሓሰብናሉ፡ ንኽንደይ ዝኣክል ግዜ ሙዃኑ፡ ምኣመንናሉ ኔርና።

ንሕና፡ ብዙሕ 'ግዛዕ' ምእካብ ደው ኣቢልና፡ ንገለ ክፋሉ ንዘለኣለማዊ ኣገልግሎት ወይ ጥቕሚ እንተ እነውዕሎ፡ ክንደይ ምጸበቐ። እቲ ምስጢር፡ ነቲ ዓለማዊ ነገራት (ኣቑሑት) ብመንፈሳዊ ኣጠማምታ ምሓዝን፡ ጥዕና ዘለዎ ሚዛን ምዕቃብን ኢዩ። ኣጉር፡ እቲ መንፈስ ቕዱስ ዝተገልጸሉ፡ ለባም ካህን (oracle) ብሉይ ኪዳን ከምዚ ኢሉ ጸለየ፡ 'ዕለታዊ እንጌራይ እምበር፡ ድኽነት ኮነ ሃብትስ ኣይትሃበኒ። ከምዚ እንተዘይኮይኑ፡ ኣነ ኣመና ብዙሕ እህልወኒ፡ ንዓኻ ከይክሕደካ እሞ፡ 'መንዩ እቲ ጎይታ፧'' ከይብል። ወይ ድማ ደኺየስ ከይሰርቕ፡ ስም ናይ ኣምላኸይ ድማ ከየዋርድ።' (ምሳሌ 30:8-9) እቲ ናይ ብሓቂ ከቢድ ነገር፡ ሓንሳብ ምስ ኣከብካዮ፡ ነቲ ዝኣከብካዮ ከም ዝጎድል ምግባር እዩ! እንተኾነ ከምዚ እንተደኣ ገይርና፡ እቲ ዝተሓላለኸ ሂወትና ብዙሕ ክጎድል ኢዩ። Richard Foster ከም ዝብሎ፡ 'ካባና፡ እቶም ዝበዝሑና፡ ኣዚና ከይተሃሰና፡ ካብቲ እንዉንኖ ፍርቑ ነገራት፡ መልገስናዮ።

ኣብ ሚስዮናት ምስታፍ፡ ሓደ ካብቲ መንፈሳዊ ልግሲ ዚምዕብለሉ መገዲ እዩ። ንሓደ ናይ ሓጺር እዋን ፕሮጅክት ሚስዮን ተወፈዩ። ንትካል ረድኤት (መሕወይ) relief ኣበርክቱ፡ ወይ ከኣ ኣብ ከተማታትኩም ኣብ ዝርከብ፡ መደብ መጣየሲ ስደተኛታት ተሳተፉ። ኣብቲ ኣገልግሎት ኣብ ምሃብ ዘቕነዐ እምበር፡ ንመዛነዪ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ቤተሰባዊ ዕረፍቲ ዙረት (family vacation) ምወሰድኩም። እዚ እስኻትኩምን ደቕኻትኩምን ዝያዳ እትህብትሙሉ እዩ።

ነቶም ዝጐብዙ ዝነበሩ ደቕና፡ ኣብቲ ናታቶም ሕጓ (backyard)፡ ዘይ ከም ናይ ሎሚ ኣሜሪካ፡ ምስቲ ኣገዳሲ ጠለባት ካልኦት ሰባት፡ ንኽነላልዮም ፈቲንና። እቲ ቦኽርና፡ ዳቪድ፡ ወዲ 15 ዓመት እንከሎ፡ ምስ ከባቢ ደርዘን ዝኾኑ መሳትኡን፡ ናይቶም መንእሰያት መራሕን፡ ናብ ኒው ኦርሊያንስ ንሹዱሽተ ሰሙናት ከይዱ ነይሩ። ኣብቲ ቦታ እቲ፡ ንሳቶም ኣብ ሓደ ኣዳራሽ መደቕሲ ተመሃሮ፡ ኢዮም ዝቕመጡ ነይሮም። ንሳቶም ኣብ French Quarter ‘ኣገልገልቲ’ ሚስዮን ኮይኖም፡ ብዙሕ እዮም ዝሰርሑ ነይሮም።  እቲ ስራሕ ኣዝዩ ከቢድ እዩ ነይሩ። ደሓር ከኣ እቶም ቖልዑት፡ ምስቶም ኣባላት ናይቲ ሚስዮን፡ ዑደት ስራሕ ኣካይዶም፡ ምስ ኣብ ትሕት ዝደረጃኡ መንበሪ ከፍልታት፡ ዘሎ መነባብሮ ኣብ ዝተላለይሉ፡ ንተናበይቲ ጎደና ቖልዑ ዚኾውን፡ ከለብ ቖልዑት እዉን ኣብ ዘሰላሰሉሉ፡ ሓውሲ ምርጻም ባህሊ (culture shock) ኣጋጢምዎም እዩ። እቶም መንእሰያት፡ እቲ ካልእ ፍርቒ ዓለም ከመይ ከም ዝነብርን፡ እንታይ ከም ዚመስልን ተማሂሮም እዮም። እቲ ተሞክሮታቶም፡ ኣብ ሂወቶም ኣዝዩ ዓቢይ ጽልዋ የሕዲሩ እዩ። ነቲ ዝሰርሕዎ ዕዮ ኣይተኸፍሉሉን። እኳ ደኣ፡ ናብኡ ንምኻድ ወጻኢታት ነይርዎም። የግዳስ፡ ንሳቶም፡ ምስ መንፈሳዊ ወርቒ፡ ኣብ መንፈሳዊ ጁባ ኢዮም ተመሊሶም። እሱ እዩ ኸኣ እቲ ዘገድስ። ወድና፡ እቲ ኣብኡ ዘሕለፎ ግዜ፡ ኣእምሮኡ ኣብ ሚስዮን ገጹ ኣብ ምቕላብን፡ ዓዉዲ ስርሑ ኣብ ምምራጽን ኣገዳሲ ረቛሒ ነይሩ።

ደቕና ካብ ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ምስ ተመረቑ፡ ሰብኣየይ፡ ንነፍሲ ወከፎም ናብ ሚስዮናዊ ዑደት ዓለም ንኽወስዶም ኩሉ ኣዋደደ።  ገለ ካብቲ ከምኡ ዓይነት መደብ ዚሓንጸጸሉ ምኽንያት፡ እቶም ቖልዑት ይዓብይሉ ኣብ ዝነበሩሉ እዋን፡ ኣቦኦም ኣዝዩ ብዙሕ ግዜ ካብኣቶም ዚተፈለየሉ ምኽንያት፡ ንኽፈልጡ ንምግባር ኢዩ ነይሩ። እቶም ቖልዑት፡ ‘ኣብ መስመራት ‘ሳልሳይን ራብዓይን ዓለም ድኽነት፡ ሕማምን ተስፋ-ኣልቦነት (ተስፋ ምቑራጽን) ፡ ባዕላቶም ርእዮሞ። እቶም ቖልዑ፡ ኣብቲ ብዘይ ኣምላኽን ብዘይ ተስፋን፡ ሂወቶም ዝመርሑ ዝነበሩ ሰባት ኣብ ዝቕመጡሉ ቦታ ኮይኖም፡ ብኽቢድ ዓውዲ-ስራሕ ንኣምላኽ ዘገልግልዎ፡ ምስ ዝነበሩ ሚስዮናውያን ተራኺቡ። እሳቶም፡ ነቶም ኣብ ዓዶም ብዙሕ ሃብቱ ክጥርዩ ዝኽእሉ ዝነበሩ፡ ግና ከኣ ኣብ መንግስተ-ሰማያት ሃብቲ ዝኹምሩ ዝነበሩ፡ ሞያ ዘለዎም ሚስዮናዊያን፡ ተዓዚቦምዎም። ድሕሪ’ዚ ተሞክሮ እዚ፡ ዋላ ሓደ’ኳ ካብቶም ቖልዑና፡ ከምቲ ቐደሙ ኣብ ዝነበሮ ኣይተረፈን።  ኩሎም እቶም ደቕና፡ ሎሚ ኣብ ኣገልግሎት ቤት-ክህነት ምህላዎም፡ ንዓና ኣይገርመናን። ‘ንሕና ምስ ስድራ ቤታትና ኮይንና፡ ኣብ ክንዲ ነገራት ንገዛእ ርእስና ምዕቛር፡ ነቲ ናይ ብሓቒ ሃብቲ - መንፈሳዊ ብልጽግና - ንኽነማዕብል፡ ብዙሕ ግዜ እንተደኣ ኣፍሲስና፡ ኣብ ቕድሚ እምላኽ፡ ሃብታማት ክንከውን ኢና። (ሉቃስ 12:21)

ኣብዚ እዋን እዚ፡ ነቲ ሃብታማትን ነቲ ብርኡይ ኣብቲ ሕብረተሰብ ኣገዳሲ ዚኾኑ ሰባትን፡ ክብሪ ንኽንህቦም፡ ካብ ዝተፈላለየ መኣዝናት፡ ኣባና ጽዑቕ መልእኽትታት ይዉሕዝ ኢዩ። ናይ ሓደ ሰብ ክብሪ ብቕኑዕ ዚዕቐን፡ በቲ ዘለዎ ገንዘብ ወይ ሓይሊ ኢዩ፡ ኣብ ዚብል መጸወዲያ ሓሳብ ከይንወድቕ ክንጥንቐቕ ኣሎና። እስኪ እቲ ለጠቕ ዚበለ ኣማኒ፡ ክብ ብምባሉ (ከም ኣማኒ) ይመካሕ። እቲ ምንታይ፡ ኣመለኻኽታ ናይዚ ሰብ እዚ፡ ዝያዳ ክዉንነታዊ (realistic) ስለ ዝኾውን። እቲ ሃብታም ኣማኒ ኪዝክሮ ዘለዎ፡ እቲ ሃብቱ ወይ ሃብታ፡ እቲ ዓለም ልዕል ዝበለ ቦታ እዩ እትብሎ፡ ከዉህቦ ዚኽእል እኳ እንተኾነ፡ እዚ ሰብ እዚ ‘ከምቲ ኣብ ጎልጎል ዘላ ዕንባባ፡ ኪረግፍ ኢዩ። (ያእቆብ 1:10) ያእቆብ ዚብል ዘሎ፡ ልዕሊ ኹሉ፡ እቲ ናይ ብሓቒ ቐጸላ (ጽፍሒ/ቦታ) ፡ ምስቲ ኣብ ምድሪ ዘሎና ልዕል ወይ ትሕት ዝበለ ደረጃ ማዕርግ፡ ዘራኽብ የብሉን። እንታይ ደኣ፡ እቲ ምስ ኣምላኽ ዘሎና ዝምድና ኢዩ። ከምዚ ሰለሙን ዘዘኻኸረና፡ ‘ሃብቲ ኣብ መዓልቲ ቑጥዓ ብላሽ ኢዩ። (ምሳሌ 11:4) ዘይሩ ዘይሩ፡ እዚ ኢዩ እቲ ቐንዲ ጉዳይ! ዋላ ሓደ ሰብ ካባና፡ ንፍርዲ ኣብ ቕድሚ ኣምላኽ ምስ ቐረበ፡ ንዕኡ ብላዕ (ጉቦ) ክህቦ ዚኽእል ሰብ የለን። በቲ ምድራዊ ዝኾነ ፍረ ዓወታትና፡ ዲግሪታትና ወይ መዓርግና፡ ንዕኡ ክንጸልዎ (to influence him) እዉን ኣይንኽእልን ኢና። እቲ ነብሲ-ወከፍና ዘለዎ ኣዝዩ ዚኸበረ ነገር፡ እቲ ኣብ መሬት እንነብሮ ሓደ ሂወት እዩ።

ከም ክርስቲያናዊ ጸሓፊት፡ ኣብ መጻወድያ ገንዘብ ንኸይወድቕ እመሃር ኣሎኹ። እቲ ሓታሚ፡ ሕያዋይ ኮይኑ፡ መጽሓፈይ ምስ ኣሕተመለይ፡ ሰባት እዉን ሕያዎት ኮይኖም፡ ነቲ መጻሕፍተይ ይገዝኡለይ። እዚ ንዓይ፡ ምጥን ዝበለ ተረኣይነትን (ተፈላጥነት)፡ ጽፍሒ (ቦታ መዓርግ) ከምኡውን ገለ ንጸማ (ዓስቢ) ዝኸውን ገንዘብ ይህበኒ እዩ። እንተኾነ፡ ነዚ ዝምልከት ናብ ጎይታይ ኣዝየ ቐሪበ ክጸንሕ ኣሎኒ። ገለ ሰባት፡ በቲ ናተይ መጽሓፍ ተገሪሞም እዮም፤ ኣምላኽ ግዳ በዚ ከም ዘይግረም ኣነ ኣጸቢቀ ኣስተብሂለ ኣሎኹ። ናብ መንግስተ ሰማይ ምስ ከድኩ፡ 'መጽሓፈይ ኣንቢብካያ ዶ፧' ኢለ እንተ ተወኪሰዮ (እንተሓቲተዮ)፡ 'ኣይፋለይን፡ ግና እሰኺኸ፡ ነቲ መጽሓፈይ ኣንቢብከዮ ዶ፧' ክብለኒ እዩ። ኣነ ነቲ መጽሓፉ፡ ብቐጻሊ ኣብ ዘንብበሉ፡ ነቲ ናተይ መጽሓፍ ብዝሓሸ ንምጽሓፍ የኽእለንን፤ ነቲ ምድራዊ ዓስቢ ከኣ፡ ብቕኑዕ ኣገባብ ንኽጥምቶ የብቕዓንን ኢዩ። እቲ ናቱ ቓል፡ ኩሉ ካብኡ ኢዩ። እቲ ቓሉ፡ ኣነ ሃብቲ ንኽረክብ፡ ትብዓት፡ ሓሳባትን ዓቕምን ይህበኒ። ኣምላኽ፡ ኣነ ንኹሉ ነገራት ብቕኑዕ ንኽጥምቶን፡ ዝረኸቦ ዘበለ መኽሰብ ከኣ፡ እንተ በዚ እንተ በቲ ኢለ፡ ኣብቲ ናቱ ስራሕ ንኽዋፍሮ፡ ትጽቢት ይገብረለይ እዩ። ልዕሊ ኹሉ፡ እሱ ንህርፋን-ጠለብ ብዝምልከት የጠንቕቕኒ ኢዩ። ኣነ ነታ ሂወተይ ንዕኡ ከውዕላ ደኣ እምበር፡ ኣብ ዓለም፡ ኣብ ስጋን ኣብቲ ሰይጣን ዘታልለሉን ዓውዲ፡ ንዋያ ከፍስሳ (ከባኽና) የብለይን።

እስከ ናብቲ ዛንታ ናይቲ ዘራዊ ወዲ ንሓጺር ህሞት (ግዜ) ዳግማይ ምልስ ንበል። እቲ መንእሰይ፡ ድሕሪ ናብ ልቡ ምምላሱ፡ ብናይ ገዛእ ርእሱ ዘይለባምን ኣምላኽ ዘይፈትዎ ምርጫኡ፡ ጸገም ዘስዓበሉ ምኻኑ ምስተገንዘበ፡ ብዛዕባ መነባብሮ ናይቶም ኣገልገልቲ ኣቦኡ ሓሰበ። ዝኾነ ሰብኣይ ወይ ሰበይቲ ካብኣቶም፡ ካብኡ ብዝሓሸ ኩነታት እዮም ዝነብሩ ነይሮም። እሱ ነዚ ኹሉ ኪገድፍ፡ ዓሻ ኢዩ ነይሩ። እቲ ጥዕና፡ ሃብትን ባህታን (ሓጎስን)፡ ኣብ ምግልጋል ኣቦኡ ኢዩ ዝርከብ።

ንዓና እዉን ከምኡ ኢዩ። ኣብ መንግስተ ሰማያት፡ ሃብቲ እነቕምጠሉ ኣገባብ፡ ኣብ ምድሪ እንከሎና፡ ነቲ ሰማያዊ ኣቦና ኣብ እነገልግለሉ እዩ። እቲ ዘራዊ ወዲ፡ ናብ ቤቱ ምስ ተመልሰ፡ እንታይ ኣጋጢምዎ፧ እቲ ወዲ፡ ነቲ ነገራት ምስ ኣቦኡ ብቕኑዕ ኣገባብ ድሕሪ ምምዕርራዩን፡ በቲ ግሩም ዚኾነ፡ ናይ እንቛዕ ደሓን መጻእካ ዉራይ ምስ ተፈስሀን (ምስ ተሓጎሰን) ፡ ኣቦኡ ናብ ስራሕ የእቲይዎ። እቲ ኣቦኡ፡ ሰንደል ሳእንን ዝብጦን (ቐለቤት ኣጻብዕትን) ሃቦ። ደቒ ጥራሕ እምበር፡ ኣገልገልቲ፡ ሰንደል ኣይወደዩን። እሞ እቲ ኣቦ፡ ነቶም ኣገልገልቱ፡ ንወዱ ሰንደል ንኽምጽእሉን፡ ኣብቲ ጥራሕ እግሩ ንኽውድይዎ፡ ምንጋሩ፡ ብግብሪ ዘመሓላልፎ መልእኽቱ፡ 'እዘን ሰንደላት፡ ምልክት ጽፍሒ (መዓርግ) እየን። እስኻ፡ ንዓይ ከም ሓለፋ ዘለዎ ወደይ እምበር፡ ከም 'ጊልያ 'ንኽተገልግለኒ ኣይኮነን።' እቲ ሳእኒ ድሕነት፡ ንዓና፡ ንኣምላኽ ኣቦና ንኽነገልግል እተጸዋዕና፡ ሓለፋ ዝተገብረሎም ደቒ፡ ምኻንና ዚገልጽ፡ ምልክት ሰማያዊ ማዕርግ ኢዩ።

ኣብቲ ምሳሌያዊ ዛንታ ዘሎ ኣቦ፡ ኣብ ኢድ ወዱ ቐለቤት ከቐምጥ እንከሎ፡ እታ ቐለቤት፡ ማሕተም መዝነት ኣቦ ኣብ ገጻ ዚተወቕራ እያ ነይራ። እታ ቐለቤት፡ እቲ ወዱ፡ ነቲ ዋኒን ናይ ኣቦኡ፡ ብስም ኣቦኡን ንስሌኡን ንኽፍጽም፡ ክታምን መዝነትን ኣቦኡ ዘሰፈረት እያ ነይራ። እቲ ወዱ፡ ከምዚ ዓይነት ግብረ ዋኒን (transaction) ንኽሰላስል ኣብ ዝኸደሉ፡ ነቲ ሃብቲ ናይ ኣቦኡ የማዕብልን፡ ንኣቦኡ ክብሪ የጐናጽፍን። ንሕና እዉን ከምኡ፡ ኣብ ዕለታዊ ዕዮና፡ ናይ ኣቦና ጕዳይ ኣብ እንሰርሓሉ፡ ንናትና ዘይኮነ፡ ንመንግስቱ ኣብ ምዝርጋሕ፡ ግዜን ገንዘብን ከነፍስስ ኢና። ከምኡ 'ውን ንሕና፡ ኣቓልቦ ናብ ኣምላኽ ኣብ እነቕንዓሉ፡ ሰባት ኮፍ ኢሎም ንኽቕልቡልና ዝገብር ሓይሊ፡ ኣባና ክቕመጥ ኢዩ!

እቲ ዘራዊ ወዲ፡ ዓይኑ ብኽፉቱ እዩ፡ ናብቲ መጻወድያ ገንዘብ ዝኣተወ። እሱ፡ ነቲ ኹሉ ነገር ድሕሪ ምብኻኑን፡ ምጥፋሹን (ምስ ነደየን) ጥራሕ እዩ፡ ናብ ነብሱ ዝተመልሰ። ኣነ፡ ነቲ መስሕት (መታለሊ) ህርፋን ምንጻግ ክንመሃሮን፡ ንፋዓት ኣሳሰይቲን፡ ናይቲ ብጎይታ ዝወሃበና ዝኾነ ይኹን ነገራትን ገንዘብን፡ ንምኳን ክንበቕዕ ኣጸልት (ጸሎት እገብር) ። ኣነ ጎይታ መዓልታዊ ፡ 'ሰናይ ስራሕ፡ ንፉዕን እሙንን ኣገልጋሊ'ንኽብለና ጸሎት እገብር።' (ማቴዎስ 25:21) ኣስተብህሉ፡ እንተደኣ ተንበርኪኽናን፡

ንነብስናን ከኣ ኣብ ልዕሊ እቲ ጣጣ ገንዘብ ክብ ኢላ ንረኽባ ኾይንና፡ ኣምላኽ ነታ ስልኪ መፈንጠራ ናይ ምልዓልን ንዓና ሓራ ናይ ምውጻእን ዓቕሚ ኣለዎ። እስኪ ነብሲ-ወከፍና፡ '(ናህና) ልቢ ንሓልዋ፡' ምኽንያቱ ንሳ ምንጪ ፈልፋሊት ዒላ ማይ ስለ ዝኾነት" ምሳሌ 4:23) ። እቲ ሱር ኩሉ ዓይነት እከይ፡ እቲ ፍቕሪ ንገንዘብ እምበር፡ ገንዘብ ባዕሉ ኣይኮነን (1 ጢሞቴዎስ 6-10) ። ንሕና፡ እንተደኣ ንጎይታ ብኹሉ ልብና፡ ነብስና፡ ኣእምሮናን ሓይልናን ኣፍቒርናዮ፡ ደሓን ክንከውን ኢና። ከምኡውን፡ እንተደኣ ንብጻይና ከም ነብስና ገይርና፡ እነፍቕሮ ኾይንና፡ ነቲ ይውሓድ ይብዛሕ፡ ኣምላኽ ኣቕሚጡልና ዘሎ፡ እነዋፍረሉ ብዙሕ ቦታታት ክንረክብ ኢና። ንሕና ኩላትና፡ ጸብጻብ ምስሳይና፡ ነቲ ቐንዲ ኣሳሳዪ ዝኾነ ሓላፊና፡ ክንህብ ኣሎና። እዚ ንበይኑ ጥራሕ፡ ንዓና ካብቲ መፈንጠራ ገንዘብ ንኽንርሕቕ፡ ኣኻሊ ክኸውን ይግባእ!

ልዕሊ ዕስራ ዓመት ይገብር፡ ኣምላኽ ንዓይ ኣብዚ ጉዳይ እዚ ፈቲኑኒ ነይሩ። ንሕና፡ ኣብ ዓባይ ብሪጣንያ ንብዙሕ ዓመታት ንክርስቶስ ንነብርን ንሰርሕን ኢና ነይርና፤ ግና ነቲ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ኣገልግሎት ጉስነት ክንህብ (pastorate) ንዝተገብረልና መጸዋዕታ ተቐቢልና። እታ መጸዋዕታ ዝገበረትልና ቤተ-ክርስቲያን፡ ዳርጋ ኩሉ ዘሎና ሸይጥና፡ ክዳውንትናን ገለ ልዑል ክብሪ ዘለዎ ዉልቓዊ ነገራትን ጥራሕ፡ ሒዝና ንኽንመጽእ፡ ሓሳብ ኣቕረበት። ኣብ ፈለማ፡ ነቲ ዕማም ንምትግባሩ፡ ቐልል ዝበለ ኢዩ ዝመስል ነይሩ። ንሕና፡ ብኣዝዩ ትሑት መሃያ (ደሞዝ) ክንነብር ስለ ዝጸናሕና፡ ኣዝዩ ፈኲስ ኣገባብ መነባብሮ ንክንዕቕብ፡ ንጽዕር ስለ ዝነበርና፡ ነቲ ዝበዝሐ ክፋል ትሕዝቶታትና (belongings) ምሻጥ፡ ዘምጽኦ ፍልልይ ክህሉ የብሉን፡ ኢለ ሓሰብኩ። እንተኾነ፡ ኣነ ኣብቲ ግብራዊነትን (practicalities) ክዉንነትን (reality) ምስ ኣተኹ፡ ብዘገርም ኩነታት፡ ሰጋእ መጋእ ክብል (ከዕጠጢ) ጀሚረ። ኣነ ነተን ንልበይ ከም ዘይወነነኦ: ርግጸኛ ዝነበርኩለን 'ነገራት'፡ ኣምላኽ ነተን ኣጸብዕተይ ሒዙ፡ ከላቕቐን ግድን ኮኖ። ኣምላኽ፡ 'ኣፍኩስ ኣቢልኪ ሓዝየን፡ ቐጠው ኣይተብልየን" ኪብል ብህድኣት ኣዘኻከረኒ። እዚ ጽቡቕ ትምህርቲ ኢዩ ነይሩ። ኣነ ንርእሰይ; ሎሚ እዉን መጻወድያ ገንዘብ ኣብ ዘዓንፈኒ እዋን፡ ዳግማይ ተመሊሰ ንክርእዮ ዝፍትኖ ጉዳይ ከኣ እዩ። ንሕና ነቲ 'ምልካዊ (ገባርን ሓዳግን) ባህርይ ናይ ነገራት 'ሕልምና ብፍጹም ክንብርከኽ የብልናን። ንሕና ጥቓ እየሱስ ክንጸንሕ፡ ሕልሙ ክንሓልም፡ ነቲ እሱ ኣቕሚጡልና ዘሎ መደብ ክንበጽሖ፡ ከምኡውን፡ ኣብቲ ኣብ ቕድሜና ዘሎ፡ ኣብዝን ሕጅን ዝብል፡ ድሙቕ መብራህቲ ዘለኣለም፡ ጥራሕ ኩሉ ግዜ ክንነብር ይግበኣና።

ንሕና ንገንዘብ ፡ ኣምላኽ ብዝጥመተሉ ኣገባብ፡ ክንርእዮ ኣብ እንመርጸሉ፡ ነዚ ጉዳይ እዚ ኢና ደጋጊምና፡ እንዳተመላለስና ክንርእዮ ዘሎና።

**ካብ ቤተ-ክርስትያን ጳኒኤል - ከተማ ካልጋሪ - ካናዳ**

ቢንያም የማነ

15 ጥሪ 2016